## መክብብ 5

10 ብሩር ዚፈቱ ብብሩር ኣይጸግብን። ሃብቲ ዚፈቱ ኸአ ኣይረብሕን፡ እዚውን ከንቱነት እዩ።

11 ጥሪት እንተ በዝሐ፡ በላዕቱ ይበዝሑ፡ ንመጥረይኡ ደአ፡ በዒንቱ ምርኣይ እንተ ዘይኮኑስ፡ እንታይ ይጠቕሞ፧

12 እቲ ዓያዪ ብዙሕ ወይነ ሒደት እንተ በልዒ፡ ጥዑም ድቃስ ይድቅስ፡ ንሃብታም ግና ጽጋቡ ኣየደቅሶን።

13 ዜሕዝን መግደራ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዝርኤኽዎስ፡ እቲ ንጉድኣት መጥረይኡ እተደለበ ሃብቲ እዩ።

14 እዚ ሃብቲ እዚ ብድንገት ይጠፍእ፡ ወዲ እንተ ወለደ ኸአ፡ እቲ ወዱ ጥራይ ኢዱ የተርፍ።

15 ከምቲ ኻብ ማሕጸን ወላዲቱ ዝወጸ፡ ጥራዩ ኸም ዚመጽአ፡ ከምኡ መሊሱ ይኸይድ፡ ካብቲ ዝጸዐረሉ ኸአ ኣብ ኢዱ
ሓንቲ እኳ ኣይማላእን።

16 ከምቲ ዝመጾ እዩ ዚኸይድ እሞ፡ እዚውን ዜሕዝን መግደራ እዩ፡ ንንፋስ ዝጸዐሮ ደአ እንታይ ኪረብሖ እዩ፧

17 ኵለን መዓልትታቱ ኣብ ጸልማት ይበልዕ፡ ብዙሕ መከራን ሕማምን ኲራን ከአ አለዎ።

18 እንሆ፡ ንሰብሲ እዚ ግዲኡ እዩ እሞ፡ በቲ ኣምላኽ ዝሀቦ ቑጽሪ መዕልትታት ህይወቱ ኺበልዕን ኪሰትን፡ በቲ ኣብ
ትሕቲ ጸሓይ ዚጽዕረሉ ዘበለ ጻዕሪ ጽቡቕ ክርእን እዩ፡ እዚ ኸአ ሰናይን ጽቡቕን ኾይኑ ርኤኽዎ።

19-20 ኣምላኽ ነቲ ሃብትን ጥሪትን ዝሀቦ ሰብ ካብኡ ኺበልዕን ግዲኡ ኺወስድን ብጻዕሩ ኺሕጎስን እንተ ኣሰልጠኖ፡
ኣምላኽ ናይ ልቡ ሓጎስ ስለ ዝሀቦ፡ ነተን መዓልትታት ህይወቱ ኣዝዩ ኣይኪዝክረንን እዩ እሞ፡ እዚውን ውህበት ኣምላኽ
እዩ።

## 1ይ ጢሞቴዎስ 6

6 ግናኸ ኣምልኾ ምስ ይኣኽለኒ ምባል ዓብዪ ረብሓ እዩ።

7 ማለት፧ ናብ ዓለም ሓንቲ እኳ ኣየምጻእናን እሞ ሓንቲ ኽንወስድ ኣይከኣለናን እዩ።

8 ቀለብናን ክዳንናን እንተ ኣሎናስ፡ ንሱ ይእክለና።

9 እቶም ኪህብትሙ ዚደልዩ ግና ኣብ ፈተናን መፈንጠራን፡ ኣብ ብዙሕ ንሰብ ናብ ምብራስን ጥፍኣትን ዜስጥሞ ናይ
ዕሽነትን ጒድኣትን ትምኒት እዮም ዚወድቁ።

10 እቲ ፍቕሪ ገንዘብሲ ሱር ኵሉ ኽፍኣት እዩ እሞ፡ ገሊኦም ንእኡ እናተመጣጠሩ ኻብ እምነት ዘምበሉ፡ ናብ ርእሶምውን
ብዙሕ ስቓይ ኣምጽኡ።

11 ኣታ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ንስኻ ግና ካብዚ ህደም እሞ ደድሕሪ ጽድቂ፡ ኣምልኾ፡ እምነት፡ ፍቕሪ፡ ትዕግስቲ፡ ህድኣት
ሰዓብ።

12 ጽቡቕ ገድሊ እምነት ተጋደል፡ ነታ እተጸዋዕካላ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ምስክርውን ጽቡቕ ምእማን እተኣመንካላ ህይወት
ዘለኣለም ሐዛ።

## ሉቃስ 12

13 ሓደ ኻብቶም ህዝቢ ድማ፧ መምህር፡ ንሓወይ ርስተይ ኪመቕለኒ በለለይ፡ በሎ።

14 ንሱ ኸኣ፧ ኣታ ሰብኣይ፡ ኣባኻትኩምከ ዳኛን መማቕልን ገይሩ መን ሸይመኒ፤ በሎ።

15 ንሱ ኸኣ፧ ህይወት ሰብ ብብዝሒ ገንዘብ ኣይኰነትን እሞ፡ ተጠንቀቑ፡ ካብ ኵሉ ስስዔ ኸኣ ርእስኹም ሐልዉ፡ በሎም።

16 ከምዚ ኢሉ ኸኣ ምስላ ነገሮም፧ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ግርሁኡ ቐደወሉ።

17 ብልቡ ኸኣ፧ እኽለይ ዝእከበላ ስፍራ የብለይን፡ እንታይ ደኣ እገብር እየ ኢሉ ሐሰበ።

18 ንሱ ድማ፧ ከምዚ እገብር፧ ንማዕከነይ ኣፍሪሰ፡ ኣግፊሐ እሰርሖ፡ ኣብኡ ኸኣ ኵሉ እኽለይን ሃብተይን እእክብ።

19 ንነፍሰይውን፧ ኣቲ ነፍሰይ፡ ብዙሕ እተደለበ ሃብቲ ንብዙሕ ዓመታት ዚኣኽለኪ አሎኪ እሞ ዕረፊ፡ ብልዒ፡ ስተዩ፡
ተሐጎሲ፡ እብላ፡ በለ።

20 ኣምላኽ ግና፧ ኣታ ዓሻ፡ ንነፍስኻ ካባኻ ኺወስድዋ በዛ ለይቲ እዚኣ ይደልይዋ ኣለዉ። እዚ ዝደለብካዮ ደኣ ንመን
ኪኸውን እዩ፤ በሎ።

21 እቲ ንርእሱ መዝገብ ዚእክብ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሃብታም ዘይኰነ ከምኡ እዩ።